# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቑ.48 | ሰንበት 25 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ንግስነት ሞሱ





ገጽ 5 — ሊላምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር





ገጽ 6 — ምልክታ

ገጽ 8 — ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ...




# መዓልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ኤርትራ ተዘኪራ

24 ጥቅምቲ - መዓልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብ23 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ተዘኪራ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብመዚ. መንግስትን ግንባርን፡ ወከልቲ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፡ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሲኛታትን ከምኡ'ውን ዕዱማት ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ዝኸሪ ናይ'ዛ ዕለት፡ ህሉው ከኒታት ዓለምና ጥራይ ዘይኮነ፡ ባህሪ ሽርክነታዊ ንጥፈታትና፡ ሓባራዊ ምኽባርናን ሓላፍነትናን ንምምዛን ኣጋዲሲ. ባይታ ከምዝርሕወልና ገሊጹ።





ስእሊ. ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ

ኤርትራ ማሕበራዊ ፍትሒ. ንምንጋስ ንእተካይዶ ዘላ ጻዕርን ኺሳኡን ዝጠቐሰ ሚኒስተር ዑስማን፡ ልኡላውነት፡ ሃገራዊ ናጽነትን ርእሰምርከሳን ባይታ ሃገራዊ መንነት ኤርትራ ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ኣብዚ ቀንዲ መትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ኣብ ፈተና ኣትዩሉ ዘሎ እዋን፡ ኣንጻር ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዘንቀደ፣ ንሰላምን ጸጥታን ዞባ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ዘይምኽኑይ ተግባራት ተጻብኦ ይፍጸም ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ኤርትራ ብልዑል ዋጋ ዝረጋገጸቶ ናጽነታ ንምዕቃብ፡ ናይ ርእሱምኽልኻል ልኡላዊ ማሰል ከምዘለዋ ኣብሪሁ።

ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሚስተር ኣንቶንዮ ጉተረሽ ብምኽንያት'ቲ ዕለት ኣብ ዘመሓላለፎ ናይ ቪድዮ መልእኽቲ፡ መጻኢና ኣብ'ቲ ብሓንሳብ ክንሰርሖ ዘኽእለና ዓቕምታት ከምዝምርኮሰ ብምጥቃስ፡ ሃገራት ኣብ ቻርተር ናይ'ቲ ውድብ ሰፊሩ ዘሎ መትከላት ከኽብራን ንምስምጻሩ መብጽዓአን ክሐድሳን ጸዊዑ።

ኣወሃሃዲት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስ ናህላ ቫልጂ ድማ፡ እቲ ኢጋጣሚ ዝተዓመ መደብት ንምምዛን ኣጋዲሲ. ምኻኑ ብምንጻር፡ ኣድማዒ ስውጢ. ንምምጻእ ኣብ ቀዳምነታት መሻርኽቲ ሃገራት ብትሽሩረት ክዕየ ከምዝዮፀእ ኣገዚቡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ሕቡራት ሃገራት ብመልክዕ ውድድር ኣብ ዝተወደበ ውድድር ቅዲ ክዳን ብዝተማሰርሐ ጥረ-ዝገራትን ሰርሓት ምህዞን ንዝተዓወቱን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላትን፡ ሽልማትን ናይ ኣፍልጦ ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።

## ሃገረ ኤርትራን ሪፓብሊክ ጋምብያን፡ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ብወግዒ መስሪተን





ሃገረ ኤርትራን ሪፓብሊክ ጋምብያን፡ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ብወግዒ ከምዝመስረታ፡ ብ23 ጥቅምቲ ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዘውጸኣኦ ሓባራዊ መግለጺ. ኣፍሊጠን።

ነቲ ወግዓዊ ሰነድ፡ ቀዋሚት ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፊያ ተስፋማርያምን ቀዋሚ ኣምባሳደር ሪፓብሊክ ጋምብያ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ሚስተር ላሚን ዲባን ከቲሞምሉ።

ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ምትእስሳር፡ ከምኡ'ውን ምትሕግጋዝ ኣብ ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም መዳያት ፖለቲካ፡ ንግዲ፡ ቁጠባዊ ልምዓት፡ ባህልን ካልኦትን ደራኺ. ስጉምቲ ከምዝኾነ፡ እቲ ሓባራዊ መግለጺ. ኣጺኑዑ።

እዚ ዝምድናታት'ዚ፡ ኣብ ምኽባር ልኡላውነት፡ ናጽነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን፡ ከምኡ'ውን መትከላትን ሸቶታትን ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዝተሰረተ ምዃኑ'ውን ተጠቒሱ ኣሎ።

## ፎሮ - ንኣብነታውያን ኣርባሕቲ ንህቢ ብርትዓዊ ዋጋ ቆፎታት ተዓዲሉ

ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ንኣብነታውያን ኣባላት ማሕበር ኣርባሕቲ ንህቢ፡ ብርትዓዊ ዋጋ ቆፎታት ዓዲሉ።

እቲ ቆፎታት ንህቢ፡ ንሕጽረታት ዕስለ ንህቢ. ዝፍወስ ምዃኑ ዝሓበረ ክኢላ ምርባሕ ንህቢ. ኣቶ ዓብደላ ዑስማን፡ እቶም ዝተዓደሉ ሓረስቶት፡ ኣብ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ. ብቐዓት ዘጥረዩ ምዃኖም ገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ተስፋይ ተወልደ ብወገኑ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ መኣዝዊ መግቢ. ንኹሉ ኣብ ኩሉ ንምርግጋጽ በብእዋኑ ኣብ ስልጠናን ንዋታዊ ደገፍን ዘተኮረ ሓያል ጻዕርታት ክካየድ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ እዚ. መደብ'ዚ'ውን ኣካል ናቱ ኮይኑ፡ ምርባሕ ንህቢ. ንምትብባዕ ከምዝሕግዝ ኣብሪሁ።

እዞም ቆፎታት ወሰደም ዘለዉ. ኣባላት ማሕበር፡ ካብ ፍርቂ-ወጻኢ ቆፎ 4 ዕስለታት ክጠዝሉ ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ውዕል ከምዝኣተዉ፡ ብዝወሰኸ. ኣብሪሁ።

ሓገዝ ዝተገበረሎም ኣርባሕቲ ንህቢ. ብወገኖም፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ መተባብሮ ሓረስቶት ንምልዋጥ ዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ ብመሰረት ዝኣተውዎ ስምምዕ ንጥፈታት ምርባሕ ንህቢ. ንምድንፋዕ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ካብ ዝምስረት ክልተ ዓመታት ኣቑጺሩ ዘሎ ማሕበር ኣርባሕቲ ንህቢ. ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ 61 ኣባላት ዝሓቑፍ ኮይኑ፡ ብጠቕላላ ኣሰታት 474 ቆፎታት ይውንኑ።

## ዓሰብ - ኣብ ያታዊ ስልማትን ኣልባሳትን ዘተኰረ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ

ክፍሊ. ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ያታዊ ስልማትን ኣልባሳትን ብሄረ ዓፋር ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ፡ ብ22 ጥቅምቲ ኣብ ዓሰብ ወዲቡ።

ኣብ'ዚ. ካብ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን ግንባርን ዝተዋጽኡ ኣብ'ቲ ዓውዲ. ፍልጠትን ተገዳስነትን ዘለዎም መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተ፡ ንድሕረ-ባይታን ህሉው ኣጠቓቕማን ዝምልከት ክልተ ወረቓቕቲ ቀሪቡ።

ስልማትን ኣልባሳትን ንምስርሖም ጥቡብ ዝሓተቱ መለለዪ. መንነት ስለዝኾኑ፡ ኣብ ፈስቲቫልን ካልኦት መድረኻትን ብዝዮፀእ ክንጽበረቑ፡ ከምኡ'ውን ማብቁላውኑዮም ዝሓለዉ. ወከልቲ ኣልባሳትን ስልማታትን ንኽቖርበ ጻዕርታት ክካየድ ከምዝደሊ. ተገሊጹ።

ኣብ ብሄረ ዓፋር፡ ኣብ ክልተኡ ጾታታት በብከሊ. ዕድሜ፡ ካብ እግሪ ክሳብ ጸጉሪ ዝውደ ስልማትን ኣልባበሳን ከምዝሎ ዝበለጹ ኣቕረብቲ፡ ሓደጋ ምጥፋእ ኣንጸላልይዎ ዝሎ ዓሚቕ መጽናዕቲ ተኻዪዱሉ ዝዕቀበሉ መዳይ ክፍጠር ጸዊዖም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ተመሳሳልቲ ዓውድታት ዘተ ኣብ ምዕቃብ ባህልን ባህላዊ ወርሻታትን ኣገዳስነቶም ዕዙዝ ስለዝኾኑ፡ ብዕቱብ ክሰራሓሉም ኣዘኻኺሮም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ. ባህልን ስፖርትን ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ኣብ ዘስመዓቶ መዛዘሚ ቃል፡ እቲ ዕላማ - ብቐንዱ ነቲ ኣብ ባህላዊ ወርሻታት ብሄረ ዓፋር ንኽካየድ ዝሕሰብ ዘሎ ዋዕላ ባይታ ንምጥጣሕ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ከምዚ. ዝኣመሰለ ናይ ዘተ መድረኻት በብእርእሱ ክቕጽል ምዃኑ ሓቢሩ።



# ዓንሰባ - ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ 8ይ ክፍሊ ዓብዩ



ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ከምዝዓበየ፡ ብ22 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ተገሊጹ።

ወኪል ምክትታል ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ሓምድ ዑስማን ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ካብ 92 ኣብያተ-ትምህርቲ 52 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከበኦም ብድምር 9,802 ተመሃሮ ከምእተሳተፉ ብምጥቃስ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ምስ ቀደማኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ናይ 2 ሚእታዊት ዕቤት ከምዘርኣየ፣ ኣብ ውጽኢት ግን ተመጣጣኒ ስለዘይኮነ ወሁድ ጻዕሪ ከምዝሓትት ኣብሪሁ።

ካብ'ቶም ዝተፈተኑ እቶም 40 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ፡ እዚ ድማ ካብ'ቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ስለዝነከየ፡ ንምፍዋሱ ሓያል ስራሕ ከምዝሓትት፡ መምህር ሓምድ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ብግደኡ፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ጀሚርካ ምስራሕ ከምዝሓትት ኣገንዚቡ።

ወኪል ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ መምህር ኣብርሃም ርእሶም ብወገኑ፡ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ዝያዳ ምስራሕ፣ መሰረታዊ ትምህርቲ ምድልዳልን ተወሳኺ ሓጋዚ ትምህርቲ ምሃብን፡ ካብ'ቶም ንብቕዓት ተመሃሮ ዝሕግዙ ቀንዲ ነጥብታት ምዃኖም ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ትሑት ውጽኢት ንምፍዋስ ስሉሳዊ ዝምድና ክሕይል፣ ዝዳሎ ሕቶታት ንብቕዓት ተመሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን፣ ከምኡ'ውን ንውጽኢት ሃገራዊ መርመራ ብኣሉታ ዝጸልዉ ብዕቱብ ክልለዩን ክፍወሱን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገባ ኣብከታውያን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ተመክሮአን ኣካፊለን።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ 90ን ልዕሊኡን ንዝረኸቡ ካብ መላእ'ቲ ዞባ ዝመጹ 126 ተመሃሮ፡ ሽልማት 'ኦር.ያ' ተዓዲሉ።

# ሽዕብ - ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ ዝግምግም ርክብ ተኻዪዱ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ሽዕብ፡ ናይ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝገምገመ፡ ርእሰ-መምህራን፡ ሱፐርቫይዘራት፡ ኣመሓደርትን ኮሚተ ወለድን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ብ19 ጥቅምቲ ወዲቡ።

ርእሰ-መምህራን ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻብ፡ ዝተመዝገበ ውጽኢት ብመንጽር ተሳታፍነት ተመሃሮ ዘይስሩዕን ትሑትን ምጽንሑ ብምብራህ፡ ሰበኽ-ሳግማዊ መኣብሮ፡ ትሑት ምክትታል ወለዲ፡ ብኩራት ተመሃሮን መምህራንን፡ ከምኡ'ውን ዘይንጡፍ ተሳትፎ ተመሃሮ ብሓፈሻ ናይ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ፡ ካብ'ቶም ቀንዲ ጠንቅታት ምዃኖም ኣብሪሆም።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ጅምዕ ሳልሕ ብወገኑ፡ ጥቡቕ ምክትታል ሱፐርቫይዘራት፡ ርእሰ-መምህራንን ኮሚተ ወለድን ኣብ ትግባረ መደባት መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምምሕያሽ ውጽኢት ተመሃሮ ወሳኒ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ብውህደት ክስራሕ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ተራ ሕብረተሰብ ዘበርኽ ንጥፈታት ክካየድ፣ ሕጽረት መምሃሪ መጽሓፍቲ ክፍታሕ፡ ከምኡ'ውን ጽገና ዝደልያ ኣብያተ-ትምህርቲ ቀልጢፉ ክወሃበን ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሽዕብ ኣቶ ኣቡበከር ኢብራሂም ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ዝርግሐ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ምዕሩይ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ንቕሓት ወለዲ ኣብ ትምህርቲ ንምብራኽ፡ ከምኡ'ውን ተሳታፍነት ተመሃሮ ኣብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ንምብጻሕ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዕማም፡ ኣበርክቶ ናይ ኩሎም ኣካላት ክዓዝዝ ጸዊዑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሽዕብ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ 2ይ ደረጃ ዝተዘርግሓ 41 ትካላት ትምህርቲ ኣለዋ።

ብኻልእ ወገን፡ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፡ ን350 ጽጉማት ተመሃሮ ንዓመት ዘገልግሎም ናውቲ ትምህርቲ ብነጻ ከምዝዓደለ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

# ማእከል - ተሃድሶን ልምዓትን ኮም ንምሕያል ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ዕማማት ኣብ 13 ንኡስ ዞባታት ኣስመራ ዝኮጥፉ ሸማግለታት ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶን ልምዓትን ንምሕያል ዝሕግዝ ዓውደ-ዘተ፡ ብ21 ጥቅምቲ ወዲቡ።

ሓላፊት'ቲ ጨንፈር ወ/ሮ ጅምዓ ኢብራሂም ኣብ ዘስመዐቶ ቃል፡ እቲ ዕላማ - ስንኩላንን ማሕበራዊ ጸገም ዘለዎም ዜጋታትን ተለልዮምን ተመዝጊቦምን፡ ተኻፈልቲ ጸጋታት ከባቢኦም ከምኡ'ውን ኣፍረይቲ ዝኾኑሉ ባይታ ንምጥጣሕ ከምዝኾነ ኣገንዚባ።



ስእሊ: ዩናታን የዕብዮ

መንግስቲ ኣብ 1994 ንዘበገሶ መደብ ማሕበራዊ ተሃድሶ፡ ሚኒስትሪታት ጥዕና፡ ትምህርትን ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ከምኡ'ውን ሃማደኤን ሃማመተኤን ብተናጸል ክሰርሑሉ ምጽንሖም ዝጠቐሰት ወ/ሮ ጅምዓ፡ ካብ 2018 ግና ንዝያዳ ኣድማዕነት ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳራት እናተኣልየ ክሳላሰል ከምዝጀመረን ዝምስገን ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎን ኣብሪሃ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን - ዳይረክተር ጨንፈር ማሕበራዊ ተሃድሶ ኣቶ ኀይትኦም ኣለም ብወገኑ፡ ስንኩላን፡ ኣረጋውያን፡ ጽጉማት ስድራ ስውኣትን ጠዋሪ ዘይብለን ደቂኣንስትዮን ኣለሊኻ ንምምዝጋብ ብዛዕባ ዝሕግዝ መምርሕን መወከሲን ብጽሑፍን ስእልን ዝተሰነየ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል ኮሎኔል ጉብረሃንስ ወልደገርግስ ድማ፡ ስንክልናን ማሕበራዊ ጸገምን ጾር መንግስቲ'ውን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳራት ከባቢ ብኣተኩሮ ክሰርሓሉ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ዓውደ-ዘተ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣፍልጦኦም ኣብ ምስፋሕ ዘለዎ ኣስተዋጽኦ፡ ምስ መሻርኽቲ ዘለዎም ዝምድና ዘደንፍዕን ንቐጻሊ ስርሖም ዝሕግዘን ምዃኑ ገሊጾም።

ተመሳሳሊ ዓውደ-ዘተ፡ ኣብ ንኡስ ዞባታት ኣባሻውል፡ ማእከል ከተማን ኣኽርያን ንዝኮጥፉ ሸማግለታት ኮም ዝሰረቱ ተሃድሶን ልምዓትን ክወሃብ ምዃኑ ተፈሊጡ'ሎ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም   ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ   ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጳ. 1284


## መደብ ቴለቪዥን

### ሰንበት 25/10/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፌዮሪና |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | መደብ ሚሳል |
| 11:00 | መደብ ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ ቀጥታ |
| 13:40 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | መደብ ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቕል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:35 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### (ሰኑይ)

### ዕለት26/10/2026

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ |
| ዝዳሎ | ኣካዳማያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መደብ ደባይዋ |
| 14:55 | መደብ ሚሳል |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ |
| ዝዳሎ | ኣካዳማያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:00 | መደብ ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ንግስነት ሞሱ

ቀቢላ ሞሱ ሓደ ካብ ብሄረ ቻይና ኮይናም፡ ኣብ ከባቢ ቲበት ዝነብሩ ህዝቢ እያም። እዛም ቀቢላ ካብ ካልእ ህዝቢ ቻይና ተጸሊሎም እያም ዝነብሩ፣ ካብቲ ካልእ ህዝቢ እውን ፍልይ ዝበለ ባህልን ኣነባብራን ይውንኑ፣ ሞሱ ብኣደ እዩ ዝመሓደርን ዝምራሕን። ስለዚ እቶም ዝውለዱ ህጻናት ብኣቦኦም ዘይኮኑ ብኣደኦም እዮም ዝጽውዑ።

ኣብዚ ቀቢላ ኩሉ ንጥፈታት ገዛን ደገን ብኣደ እዩ ዝፍጸም። ደቂ ተባዕትዮ ወይ ኣቦታት ወሒዱ ስራሕ እዮም ዝሰርሑ፣ እቲ ዝውረስ ነገር ድማ ካብ ኣደ ናብ ጓል ይሕለፍ፣ ከምኡ እናበለ ድማ ንወለዶታት ይቕጽል።

ኩሉ ዝግበር ውሳኔታት ብደቂ ኣንስትዮ እዩ ዝውሰድ፣ ከምኡ'ውን ኣብታ ቀቢላ ኣብ ዝግበር ባህላውን ጸንብላውን ንጥፈታት ቀንዲ ተዋሳኢት ደቂ ኣንስትዮ እየን።

ሞሱ ፍልይ ዝበለ ጽንብል መርዓ እዩም ዘካይዱ። "ናይ እግሪ መርዓ" ድማ ይበሃል። እዚ ጽንብል ብፍታውን ፍቓድን ክልቲኦም መርዓውቲ እዩ ዝፍጸም። እቶም መጻምድቲ ድሕሪ መርዓኦም ብሓንሳብ ዘይነብሩ ኣብቲ ኣቐዲሞም ዝቕመጥዎ ዝነበሩ ገዛ ማለት መማስ ስድራቤቶም እዮም ዝቕመጡ፣ እቲ ሰብኣይ ግና ሰበይቱ ክርኢ ወይ ድማ ፍቕሩ ንኸብልጽላ ናብ ገዛ ሰበይቱ ክኸይድ ይኽእል፡ ድሕሪ እዚ እቲ ሰብኣይ ጸሓይ ኣብ ምብራቓ ካብ ገዛ ሰበይቱ ናብ ገዛኡ ይኸይድ፡፡ ዝምድና ናይቶም መጻምድቲ ንሶም ክሳብ ዘደልይዎ ጥራይ እዩ ዝቕጽል፡ እቶም ዝውለዱ ቆልዑ ኣብ ገዛ ኣደኦም እዮም ዝዓብዩ፡ እቲ ኣቦ ድማ ብስምምዕ ኣብ ምዕባይ ደቁ እጃም ኣለዎ፡ ብዘይካዚ ሓወቦታቱ'ውን ኣብ ምእላይ እቶም ቆልዑ ግደኦም የበርክቱ፡፡

ደቂ ተባዕትዮ ሞሱ ዝጻወትዎ ግደ ውሑድ ደኣ ይኹን እምበር ተራ ኣለዎም፡፡ ኣብ ሓዘን ቀብሪ ሃድንን ይሳተፉ፡ ከምኡ'ውን ምሕደራን ገለ ፖለቲካዊ ስልጣንን ክሕዙ መሰል ኣለዎም፡፡

ደቂ ኣንስትዮ ሞሱ ካብ ኣብ ካልእ ክፋል ዓለም ዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ናጽነት ኣለወን፡ ኩሉ ጸፍሕታት ምሕደራን ስልጣንን እውን ቀዋምነት ንዓአን እዩ ዝወሃብ፡፡





## ክንስዕቦም ካብ ዘለና ሕግታት ህይወት



- ጽቡቕ መግቢ ብዓቐን ንብላዕ።
- ሓሳብናን ስምዒትናን ኣብ ህይወትና ንዘሎ እሙን ሰብ ጥራይ ነካፍል።
- ኣብ ቤትና ንጽህናን ስርዓትን ንሓሉ።
- ኣብ ሰባትን ነገራትን ተገዳስነት ይሃልወና።
- ብስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ነዘውትር።
- ኣብ ሓደ እዋን ንሓንቲ መዓልቲ ጥራይ ንነብር ከም ዘለና ብምሕሳብ ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብዝግባእ ነስተማቕራ።
- ኩሉ ግዜ ሓቀኛታት ንኹን፡ ብፍላይ ከኣ ምስ ገዛእ ርእስና።
- ኣብ ንኣሽቱ ነገራት ከይተረፈ እሙናት ንኹን።
- ክንገብሮ ዝግበኣና ዕዮ ኣብ ግዜኡ ንፈጽሞ።
- ነቲ ኣዝዩ ከቢድን ዘሸግረናን ነገራት ኣቐዲምና ንግበሮ።
- ኩሉ ግዜ ሕጉሳት ንኹን።
- ኣቓልቦ ሰባት ክንስሕብ ብምባል ዘይነብሶና ኣይንምሰል።
- ሰብ ክዛረበና እንከሎ ጽን ኢልካ ናይ ምስማዕ ልማድ ነማዕብል።
- ንቑሓትን መስተብሃልትን ንኹን።
- ብዛዕባ ነገራት ካብቲ ዝግብኦም ንላዕሊ ኣይንዛረብን ኣይንሕሰብን።
- ዘረባና ንጹር፡ ቀሊል፡ ጽኑዕን ቀጥታዊን ይኹን።
- ምምራርን ምጉርምራምን ነወግድ።
- ገዛእ ርእስና ምስ ካልኦት ኣይነወዳድር።
- ካብ ካልኦት ሰባት ድንጋጸ ይኹን ውዳሰ ኣይንጽበ።
- ኣብ ልዕሊ ሰባት ኢድና ዘይምውጥዋጥን ዘይምፍራድን።
- ሓደ ነገር ኢልና ንሰባት ከነእምን ዘይምጽዓር ማለት ንገዛእ ርእስና ኣይንከላኸል፡ ቅኑዓት ምኳንና ከነርኢ'ውን ኣይንፈትን።
- ንርእይቶን ነቐፌታን ዝኸውን ክፉት ልቢ ይሃልወና፡ ንኹሉ ነገር ከኣ ሃዲእና ብጥንቃቐ ንመርምሮ።
- ሰባት ባዕሎም ክገብርዎ ዝኽእሉ፡ ወይ ዝግብኦም ባዕልና ኣይንግበርሎም።
- ምስ ገዛእ ርእስናን ምስ ካልኦትን ምሕረት ምግባርን ይቕረ ምባልን ንላመድ።
- እንተ ወዲቕና፡ ቅልጥፍ ኢልና ተንሲእና ከም እንደገና ጉዕዞ ህይወት ንጀምር።
- ሓገዝ ኣብ ዘድልየና ከይሓፈርናን ከይተሰከፍናን ሓገዝ ንሕተት።

## ለባም ሰበይቲ

ድሕሪ ናይ 21 ዓመታት ናይ ሓዳር ግዜና፡ ብዓልቲ ቤተይ ምስ ካልእ ሰበይቲ ንኽድረር ክወጽእ ነገረትኒ። ከምዚ ድማ በለትኒ፡ "ኣነ የፍቅረካ እየ፡ እዛ ሰበይቲ'ውን ከም ተፍቅረካን ምሳኻ ግዜ ክተሕልፍ ከም ትደልን እፈልጥ እየ" በለትኒ። እታ ብዓልቲ ቤተይ ክበጽሓ ዝደለየትኒ ሰበይቲ፡ እታ ን19 ዓመታት መበለት ዝኾነት ኣደይ እያ። ብሰንኪ ጸዕቂ ስራሕን ምዕባይ ሰለስተ ቆልዑን ከምቲ ዝግብኦ ክበጽሓን ምስኣ ግዜ ከሕልፍን ኣይከኣልኩን።

ሽዑ ምሸት ብቐጻሊት ናብ ኣደይ ብምድዋል፡ ንድረር ብሓንሳብ ክንወጽእ ምኳንና ነገርኩዋ። ኣደይ ብምግራም፡ "ደሓን ዲኻ፧ እንታይ ዘጋጠመ ነገር ኣሎ ደዩ" ሓተተት። ንኣደይ፡ ናይ ምሸት ደወል ምልክት ሕማቕ ዜና ኮይኑ እዩ ዝስምዓ። "ደሓን እየ፡ ምሳኺ ግዜ ክሕልፍ ስለ ዝደለኹ እየ" በልክዋ።

ዓርቢ ካብ ስራሕ ተፈዲሰ ናብቲ ዘዕበየኒ ገዛ ኣምራሕኩ፡ ቁሩብ 'ውን ፍርሒ ይስምዓኒ ነበረ። ኣብ ኣፍደገ ገዛና ምስ በጻሕኩ፡ ኣደይ ደው ኢላ ክትጽበየኒ ጸንሓተት። ልዕሊ ካልእ ግዜ ጸቢቓ ነበረት፡ ምስ ኣቦይ ቅድሚ ምማቱ ናይ መውዳእታ ዓመት መርዓኦም ኣብ ዘበዓልሉ ዝለበሱ ግዜ ተኸዲናታ ዝነበረት ጽብቕቲ ክዳን ተኸዲና ነበረት። "ንመሓዛተይ፡ ምስ ወደይ ክንድረር ክንወጽእ ምዃንና ነጊረየን፡ ኣዝየን ድማተገሪመን። ምስ ተመለስኩ ከመይ ከምዝነበረ ከዕልለን ተሃንጢየን እየን ዘለዋ፡ " በለትኒ።

ናብ ቤት መግቢ ኣቲና፡ ኮፍ ምስ በልና፡ ዝርዝር መግቢ (ሜኑ) የንብቦ ነበርኩ፡ ምንባቢ ወዲኣ ቀጢን ምስ ጠመተኩዋ፡ ኣተኩራ ናባይ ትጥምት ነበረት። ፍሽኽ እናበለት "ህጻን ከለኻ ኣነ እየ ዘንበበልካ ነይረ፡ ሎሚ ድማ ግደኻ ኮይኑ በለትኒ።"

ንገዛ ምስ ተመለስና፡ "ካልኣይ ግዜ ምሳኻ ክወጽእ እደሊ እየ፡ ግና እንተ ዓድምካኒ ጥራይ" በለትኒ፡ ምስ ሓሰብት



ኣደይ ተሰማማዕኩ፡ ንገዛይ እናተመለስኩ፡ ኣደይ ማዕረ ክንደይ ተሓጉሳ ከም ዝነበረት እሓስብ ነበርኩ።

ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ኣደይ ብሃንደበታዊ ወቕዒ ልቢ ዓረፈት። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ድማ፡ ካብቲ ኣነን ኣደይን ዝተደረርናሉ ቤት መግቢ ናይ ዝተኸፍለ መግቢ ቅብሊት መጸኣና። ምስኣ ድማ ኣብ ንእሽተይ ወረቐት ዝተጻሕፈት ጽሕፍቲ ነበረት፡ "ናይ ክልተ ብያቲ ሕሳብ ከፊለ ኣለኹ፡ እታ ምሸት ንዓይ ኣዝያ ፍልይቲ እያ ነይራ፡ እዛ ምሸት ድማ ምስ ካልእ ሰብ ክትደግማ ደልየ ኣለኹ፡ ምስ ብዓልቲ ቤትካ" ዝብል ጽሑፍ ነበረ። ሽዑ ንተፍቅሮም ሰባት እኹልን ዝግብኦምን ግዜ ክትህቦም ከም ዘለካ ተረዲኤኩ። ኣብ ህይወት ልዕሊ ስድራ ቤትና ቀዳምነት እንህቦም ነገራት ክህልዉ የብሎምን፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ዝሓለፈ ግዜ ስለ ዘይምለስ፡ ኣብ ግቡእ ግዜ ዘድልየና ነገር ክንገብር ከም ዘለና እየ ተማሂረ።

## ጥቕስታት ልቦና

- "ዝይኣምኖ ኣየፍቅሮን፣ ዝይውንኖ ኣይጸልእን፣ ዝይርእዮ ኣይዛረብን፣ ዝይፈልጦ ኣይፈርድን"
- "ኣነን ንሶምን ማዕረ ንስሕቕ። ንሶም ፍልይቲ ብምዃነይ እዮም ዝስሕቁኒ። ኣነ ግን ኩሎም ሓደ ብምዃኖም እዩ ዝስሕቐኒ"
- "እናሓንሳእ ሰባት ኣብ ልብና'ምበር ኣብ ህይወትና ክህልዉን ክነብሩን ከም ዘይክእሉ ምግባር ኣገዳሲ እዩ"
- እቲ ኣዝዩ ዝኸበደ ክፋል ህይወትና፣ ዝርድኡና ሰባት ብዘይ ምህላዎም ዘይኮነ ንገዛእ ርእስና ምርዳእ ክሳእን እንክለና እዩ"
- እናሓንሳእ እታ ናይ መጀመርታ ሌሊ ካብታ ናይ መጠረሽታ ስንብታ ትበርትዓሉ ግዜ ኣሎ"
- "ብዛዕባ'ቶም ብድሕሪና ዝዛረቡ ሰባት ብዙሕ ኣይንሰከፍ። ምኽንያቱ ስለምንታይ ብድሕሪና ኮይኖም ምኽንያት ኣለዎ"
- "ኩሎም ምልኩዓት ሰባት፡ ኩሉ ግዜ ብቑዓት ኣይኮኑን፣ ብቑዓት ሰባት ግና ኩሉ ግዜ ምልኩዓት እዮም"
- "ሰቕታን ፍሽኽታን ክልተ ሓያላት መሳርሒታት ህይወት እዮም። ፍሽኽታ ብዙሕ ሽግራት ክፈትሕ እንከሎ፡ ሰቕታ ድማ ሽግራት ከይፍጠሩ ይኽልክል"

## ንፍሽኽታ

ሓደ ምሉእ ዕድመኡ ስራሑ ብዙሕ ፒዛ ዘኣከበ ሰብኣይ እዩ። ካብ ምሕር ፍቕሪ ፒዛ ብዙሕ ከውጽእ ኣይፈቱን ነበረ። ብዓልቲ ቤቱ ወትሩ ብብቑ ምስ ኣማረረት እያ። እንተኾነ ህይወት ኩሉ ግዜ ደው ኢልና ክንነብር ስለ ዘይተፍቅደልና፡ እርጋን መጺኡ፡ ኣብ ኣፍ-ሞት በጽሐ። ዝበዝሐ ኣብ ኣፍ-ሞት ዝበጽሐ ሰብ ክናሳሕን ዘለዎ ሃብቱ ከውርስን'ኳ ዝረኣ እንተኾነ፡ እዚ ሰብኣይ ግን ዋላ ምስ ሞተ እዩ ፒዛኡ ምስኡ ክቕበር ወሲኑ። ንብዓልቲ ቤቱ ድማ ምስ ሞተ ፒዛኡ ምስኡ ክቕበር ቃል ኣእቲዩ ካብዛ ዓለም ተሰናበተ። ብዓልቲ ቤቱ እምንቲ ብምንባራ ቃላ ክትዓጽፍ ኣይደለየትን። ክቕበር እንከሎ ድማ ሓደ ጥሮ ናብቲ ጉድጓድ ኣእተወቶ። እቶም ታሪኹ ኣቐዲሞም ሰሚዖም ዝጸንሑ ቀባሮ እንደገና ብተግባራት ናይታ ሰበይቱ ተገሪሞምን ጸረፉዋን። መሓዛኣ ናብኣ ቀሪባ ኢላ፣ "ኣንቲ ተጸሊልኪ ዲኺ፧ ናይ ብሓቂ ዲኺ ኩሉ ፒዛኡ ምስኡ ክቕበር ትገብሪ ዘለኺ፧" በሊታ'ሞ፣ ቃል - ቃል ምኳኑ ብምሕባር፡ እቲ ክትገብሮ ዝግባኣ ከም ዝገበረት ገለጸትላ። "እሞ፡ ሓንቲ ሳንቲም ከየጉደልኪ ኩሉ ምስኡ ክትቀብርዮ፧" ደጊማ ብኣግርሞት ሓተተታ። ሰበይቲ ርግእ ኢላ፣ "እወ ኩሉ'ቲ ፒዛብ ናብ ሕሳበይ ኣእትየ፡ ኩሉን እተን ፒዛቡ ኣብ ቸክ ጽሒፈ እየ ሂበዮ ዘለኹ" በለታ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህዝባዊ ግንባር

ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ካብቶም 11 ክፍልታት ህዝባዊ ግንባር፡ 3 ክፍልታት፡ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር፡ ክፍሊ ቁጠባ ከምኡ'ውን ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና ርኢና ነይርና። ኣብዚ ብቐጻሊ ዝቐርብ ዘሎ ሕታማትና ድማ ምስ ክፍሊ ሃገራዊ መርሓን ጨንፈራቱን ዘላ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ብዙሓ ጨናፍር ትምህርቲ፡ ዜና፡ ፖለቲካዊ ምንቅቓሕን ባህልን ኣመሰራርታኡን ምዕባሌኡን ርኢና ነይርና። ሎሚ ድማ ብዙሓ እተን ተሪፈን ዘለዋ ጨናፍር ማሕተምን ቤት ትምህርቲ ካድርን ክንርኢ ኢና።

ስእሊ፡ ጨ/ስእሊ ሚ/ዜና

መበል 12 ክፋል

### • ማሕተም

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ኣብቲ ጽንኩር ኣብ መንጎ ክልተ ጸላእቲ ተቐርቂሩሉ ዝነበረ መጀመርታ ሰበዓታት፡ ኣብቲ ዝያዳ ንህላወኡ ከዕቅብሉ ዝመረጾ



ሰውእ ተጋዳላይ ኣልኣሚን መሓመድሰዒድ - ኣብ መጀመርታ 70ታት

ከበቢታት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣውራ ድማ ከባቢ ተኳብሕ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ተጋደልቲ ዘንቀሳሉ መጽሔታት ኩሉሰብ ከሎ፡ ዳርጋ እቲ ሹው ዝጸሓፍ ዝነበረ ጽሑፋት ብኢድ እናተጸሓፈን ብኻርታ ካርቦን ይበዝሕን ይዝርጋሕን ነይሩ። ብኢድ ብፒሮ እናጸሓፍካ ክንደይ መጽሓፍቲ ክትጽሕፍን ክትዝርግሕን ድማ ኣሸጋሪ ነይሩ።

ብብቑሩብ ግን ኑቲ ብኢድ ዝጸሓፍ ዝነበረ ጽሑፋት ብታይፕራይተር ዝጸሓፈሉ መድረኽ ክቕልቀል ጀመረ። ኑቲ ፍዴላት ዓረብን ትግርኛን ዝጽሕፍ ታይፒናት ድማ ካብ ወሽጢ ከተማታት ኮነ ካብ ወጻኢ እናኣምጽአ ኑቲ ብኢድ ዝጸሓፍ ዝነበረ ጽሑፋት ብምዕቡል ኣገባብ ይጸሓፍን ኩሉ ከም ዘንብቦ ይግበርን ነይሩ። እዚ ድማ ከምቲ ዝተባህለ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብቲ ፈለማ መድረኽ፡ ንህላወኡ እናተቓለሰ እንክሎ ዕላማኡ ንምንጻር ብኢድ ብኻርታ ካርቦን እናኣብዝሐ'ዩ ዝተፈላለየ ጽሑፋት ዘዘርግሕ ዝነበረ።

ንፈለማ እዋን ድማ ኣብ 1971 ካብ ጸላኢ ዝተሰልበት መባዝሒት ተጠቒሙ ንኣብ መጠን ሕትመት ክኸይድ ዝጀመረ። ብ1973 ድማ ንፈለማ ግዜ “ፊተውራሪ” ዝተሰምየት ወግዓዊት ልሳኑ ኣሕቲሙ ዘርጊሑ። እዚ ኣካል ማሕተም ተባሂሉ ኣብ ወሽጢ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ዝነበረ ኣካል'ዚ፡ ደረጃ ብደረጃ ዓቕሚ ሰቡን መሳርሒታቱን እናኣዕበየ፡ ካብ ‘ዱፕሊኬይተር’ ተበጊሱ ክሳብ ናብ ‘Off-set’ ዘመናዊ ሕትመት ብምብጻሕ፡ ብዝተፈላለየ ክፍልታት ውድብ ዝዳለዉ ንዝነበሩ ብዙሕ መጽሓፍቲ፡ መጽሔታት፡ ጆርናላት፡ ፎርምታት፡ ቅብሊታት፡ ካርድታት ወዘተ ይሓትም ነበረ። እዚ ድማ እቲ ኣብቲ ውድብ ብብእዋኑ ዝመጽእ ዝነበረ ምዕባሌታት ሕትመት ዘርኢ እዩ።

ብኸምዚ ድማ ኣብቲ ፈለማ ንሓደ ጽሑፍ ጽሒፍካ ብስቴንስል ገይርካ ብዱፕሊኬይት ከም ዝበዝሕ ምግባር ተሓሊፉ፡ እቲ ምዕባለ ማሕተም



ዑደት ናብ ግንባር ናቕፋ - ተማሃሮ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ናቕፋ (28-12-2019) ስእሊ-ዮናታን የዕብዮ

ብዘምታ ይዓብን ይምዕብልን ነይሩ። እዚ 1971 ዝፈለመ ምዕባለ ማሕተም ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ገርግር ኣስመራ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ዳርጋ ሓደ ቅርጺ ክሕዝ ከኣለ። ደጀን ህዝባዊ ሓይልታት ካብ ተኳብሕ ናብ ኣፍላግ ማለት ከበቢታት ብሌቓት፡ ፋሕ፡ ዘሮ፡ ሰበርቀጠ ወዘተ ምስ ቀየረ እቲ መድረኽ ብብቑሩብ ካብ ዘሮ ጀሚሩ ናብ ዝለዓለ ጸፍሒ ክበጽሕ ከሎ፡ ካብ መጽሔታት ሓሊፉ ካልእ መጽሓፍቲ ኣኳዖሚ ኩሉትም ከኣሉ።



ምዕቡል ማሕተም ኣብ ህ.ግ.

### • ቤት ትምህርቲ ካድር

ካድር ኣብ ሓደ ውድብ ኣገዳሲ ሰብ እዩ። ኣብ ሜዳ ካድር ዝመሃር ሰብ ድማ ውፉይን ንሓላፍነት ዝሕጸ ልዑል ሰብ ኣብኡ ክኸውን ዝቃለስ ዜጋ'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ'ዩ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ እግሪ ተኸሉ ከሎ ብዙሓ ካድርን ቤት ትምህርቲ ካድርን ኩሉሰብ ዝኸኣለ።

እቲ ብፍኑው መንገዲ ኣብ ንተጋደልትን ሓፋሽ ውድባትን ዝወሃብ ዝነበረ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ድማ ሓደ ምእኩልን ንዝተመርጹ ካድራት ዝምልምልን ቤት ትምህርቲ ብምቋም ክቕየድ ጀመረ። እዚ ድማ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ዕላማታት ናይቲ ገድሊ ወይ ሰውራ ነበረ። ካድር ዘይብሉ ሰውራ፡ ንጹር ዕላማን መርሓን ክህሉዎ ኣሸጋሪ'ዩ። ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ እታ ኣብ ግዜ ሰውራ ዝፈለመት ቤት ትምህርቲ ካድር ሎሚ'ውን ኣብታ ታሪኻዊትን ትእምርቲ ጽንዓትን ርእሰ ከተማ ገድልና ዝኾነት፡ ናቕፋ ምቕጻሉ ወጽኢቱን ኣገዳስነቱን ስለ ዝተፈልጠ'ዩ።

ቤት ትምህርቲ ካድር ኣብ ህዝባዊ ግንባር መዓስ ጀሚራን ክንደይ ኮርሳት ኣፍርያን ብንጹር ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ንተጋደልትን ህዝብን ፖለቲካውን ፍልስፍናውን ትምህርቲ ከቕስም፡ ኣብ መፋርቕ 1970ታት ዝቖመ ቤት ትምህርቲ ካድር፡ 26 ናይ ተጋደልቲ 14 ናይ ሓፋሽ ውድባት ዙርያታት ትምህርቲ ብምክያድ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ሽሕ ካድረታት ክፈሪ ክኢሉ እዩ። ካብዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ ዝወጽኡ ካድራት ተጋደልትን ሓፋሽ ውድባትን ከኣ፡ ዕላማታት ውድብ ኣብ ሓፋሽ ህዝብን ተጋደልትን ብዕምቈት ኣብ ምስራጽ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ቃልሲ፡ ብልዑል ተወፋይነት፡ መሪሕነትን ኣብነትን ብምኳን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕዋት፡ ሓድነት ኣብ ምድልዳል፡ ጽሬት መስመር ኣብ ምሕላው ልዑል ኣበርክቶ ገይሮምን ከበድ መስዋእቲ ከፊሎምን እዮም።

በዚ ኣጋጣሚ ክብርን ኣገዳስነትን ቤት ትምህርቲ ካድርን ተራ ካድራት ኣብ እዋን ገድሊን ቀሊል ኣይነበረን። ምኽንያቱ ኣብ ግዜ ሰውራ እቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ካድር ዝፈረዩ ካድራት ኣብቲ ርሱን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝነበሮም ተራን ኣብ እዋን ወራራት ዝነበሮም ተሳትፎን ቀሊል ኣይነበረን። ካብታ ኣብ 1978 ኣብ መንተብሌ ሰምሃር ዝነበረት ቤት ትምህርቲ ካድር ዝማሃሩ ዝነበሩ ካድራት ተሳትፎኦም ኣብ ውግእ ባጽዕን ሽዑ ዝኸፈልዎ መስዋእትን መውጋእትን ኣብ እዋን ምዝላቕ ከምኡ'ውን ሻድሻይን ሻብዓይን ወራርን ድሕሪኡን ብጥርኑፍ ኣብ ግንባር ብምኽታት ዝተጻወትዎ ተራን ተወፋይነትን ሎሚ ካብቲ ክዘከር ዝግበኦ'ዩ።

ስለዚ ካድራትን ቤት ትምህርቲ ካድር ተራኦም ኣብ ሓርነታዊ ቃልስን ኣብ ልኡላዊት ኤርትራን ቀሊል ኣይነበረን። ክሳብ ሕጂ ድማ ብኸምኡ ይቕጽል ኣሎ።

እዛ ሎሚ ኣብ ናቕፋ ብዘመናዊ ኣገባብ ተሃኒጻ ካብ ዝተፈላለየ ሚኒስትሪታትን ሓይልታት ምክልኻልን ብዝተመርጹ ሓላፍነት ተሰኪሞም ብተወፋይነት ንሃገርን ህዝብን ከገልግሉ ዝኽእሉ ካድራት ተፍሪ ዘላ ቤት ትምህርቲ ድማ ህያው ኣብነት መቐጸልታ ናይቲ ካብ ሰውራ ዝተወርሰን ገና ዝቕጽል ዘሎን ኣሹሓት ተማሃሮ ዝማሃረት ታሪኽ ገድልን ጽንዓትን ተወራሪሳ ዘላ ቤት ትምህርቲ እያ።

## ካብ ስነዳት ስእልታትና

መሓመድ ዓብደልቃድር ምስ ብሬኑን ዊልቼሩን

ተጋዳላይ መሓመድ ዓብደልቃድር ይበሃል። ኣብ 1985 ናብ ህ.ግ. ተሰሊፉ። ኣብ ክ/ሰራዊት 61 ብርጌድ 81 ድማ ተወዚዑ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብ 1986፡ ኣብ ዝጠን እምባ ደንደን ምስ ብሬኑ ዝተሳእለ ስእሊ ድማ፡ ሓንቲ ካብተን ስልእታት ጅግንነት ተጋደልቲ ህ.ግ. እተንጸባርቕ እያ።



መሓመድ (ትማሊ)

መሓመድ ኣብ ምድምሳስ ናደው እዝ ተሳቲፉ፡ ድሕሪ'ቲ ዓቢ ዓወት፡ ኣብቲ ኣብ 1988 ኣብ ግንባር ከረን ዝተገብረ ውግእ፡ ብጅግንነት እናተዋግአ መልመስቲ ፍርቂ ኣካሉ ዘስዕበሉ ማህረምቲ ዓንዲ-ሕቖ ኣጋጢሙ። ድሕሪ መውጋእቱ ናብ ክሊኒክ ህ.ግ. ፖርትሱዳን ተላኢኹ። ሎሚ ምስ ንዕኡ ዝመስሉ 4 ሓርበኛታት ብጾቱ ኣብ ከተማ ኣቑርደት ብሽም ናይቲ ቅድሚ 40 ዓመት ብ1986 ምስ ብሬኑ ዝተሰኣለሉ እምባ ደንደን ዝጸዋዕ ሆቴል ደንደን ተኻርዮ፡ ምስቲ ዘጋጠሞ ብርቱዕ መውጋእትን ቃንዛን እናተቓለሰ ይሰርሕ ኣሎ።



መሓመድ (ሎሚ)

መሓመድ ትማሊ ምእንቲ ሓርነት ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ኣብ ዝጠን በረኽቲ ጉቦታት ከም ኑብሪ እናዘለለ ምስ ብሬኑ ይወናጨፍ ነይሩ። ሎሚ ድማ ኣብ ዝጠን'ታ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘንቀሳቕሳ ዊልቼር ኮይኑ ምስ ብጾቱ እናሰርሐ፡ ኣብ ኣቑርደት ህይወቱ ይመርሕ ኣሎ።

በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንመሓመድ ዓብደልቃድርን ብጾቱን ጥዕናን ሰላምን ንምነ። መሓመድ ዓብደልቃር ምስ ናይ ትማሊ ብሬኑን ናይ ሎሚ ዊልቼሩን እነሆልኩም።

## ካብ ሕቶታት ታሪኽና

1. ካብዞን ወርሒ ጥሪ ዝተሓረራ ከተማታት ኤርትራ፧
ሀ/ ቅሮራ፡ ኣፍዓበት ለ/ ደቀምሓረ፡ ተሰነይ ሐ/ ቅሮራ፡ ተሰነይ
2. ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባርን ተሓኤን ዝተገብረ ብ20 ጥቅምቲ ዝፍለጥ ስምምዕ መዓስ ነይሩ፧
ሀ/ 20 ጥቅምቲ 1977 ለ/ 20 ጥቅምቲ 1978 ሐ/ 20 ጥቅምቲ 1980
3. 8ይ ወራር ደርግ ዝጀመረላ ዕለትን ዓመትን ጥቐስ፧
ሀ/ 10 ጥቅምቲ 1985 ለ/ 12 ጥቅምቲ 1985 ሐ/ 20 ጥቅምቲ 1985
4. ካብ ታሪኻውያን ጎቦታት ሳሕል ‘ጎቦ ደምባቤት ዝርከቡሉ ን/ዞባ፧
ሀ/ ን/ዞባ ቅሮራ፡ ለ/ ን/ዞባ ኣዶብሓ ሐ/ ን/ዞባ ናቕፋ
5. ስም ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተቐየረሉ ጉባኤ፧
ሀ/ 1ይ ጉባኤ ለ/ 2ይ ጉባኤ ሐ/ 3ይ ጉባኤ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Procurement Supervisor**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- The Procurement Supervisor is Responsible with managing all the procurement functions within Supply Chain.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Responsible with managing all the procurement function within the Company.
- Daily manage the enquiry and Purchase requests workflow through each section; from the End-users, Procurement and to the Suppliers.
- Resolve any issues or discrepancies in the procurement and Supply Chain process.
- Negotiate contracts and agreements with suppliers and service providers
- Ensure accurate record-keeping of all Procurement activities.
- Review supplier performance against delivery expectations and quality, Support and implement new product sourcing.
- Ensure compliance with industry regulations and company policies.
- Ensure the business gets the best terms possible from vendors and service providers
- Manage internal resources and third parties/vendors for the flawless execution of tasks, ensuring timely and accurate delivery within budget.
- Work closely with Logistics Supervisor and other departments to monitor import and export processes to ensure compliance with regulatory and legal requirements.
- Establish effective methods of managing the Expediting of highly critical and shut down items to ensure that supply chain related risks are minimized
- Manage Service Level Agreements for Major Site End Users to ensure required service levels are maintained or exceeded.
- Ensure good safety practices in all workstations.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma or Bachelor Degree in supply chain & Logistics or Business. |
| Working Experience – Nature & Length | • 3 years in Supply Chain and Logistics |
| Technical Skills | • Minimum 3 years as a Supply Chain Supervisor<br>• General understanding of mining and processes to offer effective supply management<br>• Other skills and abilities - Behavioral Skills<br>• Communication (English & local language)<br>• Analytical and problem shooting mindset.<br>• Results oriented<br>• Ability to work toward strict deadlines<br>• Assertiveness<br>• Strong Interpersonal skills<br>• Discretion<br>• Integrity<br>• Self-discipline<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment |
| Behavioral Skills | • Strong leadership and mentoring skills<br>• Excellent communication and presentation skills<br>• Practical problem-solving ability<br>• Patience and cultural sensitivity<br>• Strong analytical and problem-solving skills.<br>• Excellent organizational and time-management skills.<br>• Ability to work independently and as part of a team. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ዝርጋሐ ናይ ሓሶት ሓበሬታ

ኤፍሬም ሃብተጸዮን

ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል

ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍዚ፡ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ወይ ዝተፈብረኸ ዜና/ሓበሬታ ዝበሃል ዛዕባ ኣቕሪብና ነይርና። ሎሚ ድማ፡ መቐጸልታ ናይቲ ዝሓለፈ፡ ዝተፈብረኸ ዜና/ሓበሬታ ብኸመይ ከለልዮ ንኽእል ዝብል ክንርኢ ኢና። እዚ ዛዕባዚ፡ ብፍላይ ኣብዚ ነገራት ኩናት ዝደሰቐሉ ዘሎ እዋን፡ ትከርኸት ዝሓትት ብምዃኑ፡ እዋናዊ እዩ። ሎሚ፡ ዝተፈላለዩ ትካላት ይኹኑ ውልቀ-ሰባት፡ መረዳእታ ሰባት ናብ ረብሓኦም ክጥምዝዙ ይኽእሉ'ዩ ዝብሉዎ፡ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ጥበባት ዘዳልውዎ ናይ ሓሶት ወረ ኣብ ምንፋሕ ይርከቡ። ዕላማኦም፡ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ጠምዚዞካ ናብ ግጉይ መኣዝን ብምውሳድ፡ ራዕድን ስነ-ኣእምሮኣዊ ነውጽን ንምፍጣር'ዩ። እዞም ሓይልታት ብኽልና ሓበሬታ፡ ዝኣምኖም ምስ ዝረኽቡ፡ ዕላማኦም ይወቕዑ። መሻርኺ ዝኾኑዎም ሰባትን ትካላትን ቀጺሮም ናብዘን ናብትን ስለ ዝብሉ፡ ተኸታታሊ፡ "ዓሻኹም ድለዩ!" ዝበል ንቕሓት ከጥሪ የድልየ። እቲ ንቕሓት ግን ካበይ ይመጽእ፤ ዝም ሰበርቲ ቅርጺም ኣደናገርቲኸ ብኸመይ የለልዮም፤ ንዝበሉ ሕቶታት ኣብ ምፍታሕ ክሕግዙ ዝኽእሉ ነጥብታት ይቐርቡ'ዮም።

## ዝተፈብረኸ ዜና/ሓበሬታ ብኸመይ ነለልዮ፤

ናይ ሓሶት ሓበሬታ፡ ብልዑል ጥበብን ሞያዊ ኣገባብን ስለ ዝቐርብን ዝቀባበሉ ስለ ዝውደቡን፡ ጽልዋኡ ኣብ ብዙሕ ተጠቃሚ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዓቢ'ዩ። ማዕረ-ማዕረኡ፡ እቲ ዝጕለሕ ከም መረዳእታ ምስ ዝሰርጽ፡ ምግታኡ ቀሊል ኣይኮነን። ኮታ ኢልካ፡ ኣጋዋሕቲ፡ ኣዕሽርካ፡ ብምዕቡል መሳርሒታት ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ኣማስሪሕካ፡ ሓቂ ኣምሲልካ ዝግበር ናይ ሓሶት ሓበሬታ፡ ነቲ ኣብ ቀረባ ዝጸንሕን ብቐሊሉ ዝህመልን ሰብ ብቐሊሉ ከጋጥሞ ይኽእል'ዩ። ገለ ካብቲ ኣብ መጽሓፍ MOBILE AND SOCIAL MEDIA JOURNALISM ዘሎ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ከለልየሉ እንኽእል ኣገባባት፡ ምስ ኣንዚብትና ብዘጥዕም ኣገባብ፤ ነቕርብ፤

**ስምዒታትካ መርምር፤** ዝኾነ ፍሉይ ወይ ሓድሽ ሓበሬታ ምስ ሰማዕካ/ረኣኻ እቲ'ርእዮ ናይ ፈለማ መልሱ-ግብሪ እንታይ እዩ፤ እቲ ዝረኣኻዮ ነገር ንስምዒትካ ኣዝዩ እንተ ደኣ ኣዝሪሩዎ፡ ካብታ ሓበሬታ ትረኽበላ ዘለኻ መሳርሒት ርሓቕ። ሓቅታት ናይቲ ዝተባህለን በዚሉኡን ከተረጋግጽ ድማ ፈትን። ፈለማ፡ እቲ ዝበሃል ዘሎ እንታይ እዩ፤ መን'ዩኸ ዝበሎ ዘሎ፤ እትፈልጦን እትኣምኖን ምንጪ ደዩ ወይስ ብናይ ብርዒ ስም ዝመስል ዘይትፈልጦ እዩ፤ ርእይን ስሚዕን ኢልካ ምእማን ኣየዋጽእን'ዩ። ፈለማ ንሰኻ ከይደቀስካ ትሓድር፡ ደሓር ንስድራ-ቤትካን ኣብ ቀረባኻ ዘለዉን ቀጺልካ ናብ ከበቢኻ . . . እናበለ እቲ መርዚ ንብዙሓት ይጽሉ። "ኢሎሞ!"

እናተባህለ ዝነገርካ ኣይትእመን። መን'ዩ በሂሉ፡ ንምንታይ ዕላማ ይብሎ ኣሎ፡ . . . ክተረጋግጽ ይግባእካ። ብሓጺሩ፡ ናይ ስምዒት ተወላዋልነት ከጥሪ ኣለና። ከምዚ፡ "ወተሃደር ተጠራጣሪ ክኸውን ኣለዎ" ዝበሃል ተኸታታሊ. ሓበሬታ ድማ ብዝመሳሰል፡ ብፍላይ ስጉምቲ ንኽወስድ ዝደርኾ ስምዒት ዘለዓዕል ሓበሬታ ክገጥመ እንከሎ፡ ሰገጥ ኢሉ መንን ስለምንታይን ክብል ክኽእል ኣለዎ። ብሓጺሩ፡ ስምዒትካ ኣገንፊሉ ስጉምቲ ክትወስድ ዝደርኽ ትሕዝቶ ምስ ዘጋጥመካ፡ ፈለማ ስምዒትካ ተቖጻጸር። ቀጺልካ፡ ነቲ ዝተባህለ ካብ ዝተፈላለየ ምንጪ፡ ብፍላይ ወግዓውያን ምንጭታት፡ ከተረጋግጾ ፈትን። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ብውልቃዊ ሕሳባት ዘይበሃልን ዘይምስራሕን ስለ ዘሎ፡ ንዝዝርጋሕ ዘይምቕባል ቀንዲ ኣማራጺ ኮይኑ፡ ስምዒታትካ ተቖጻጺርካ ናይ ምንፋይ ክእለት ምድላብ የድሊ። ሓሰርን ገርደንን ሰርናይን ክርዳድን ምንፋይ እንተ ዘይመሊኽካ፡ መኣዲ ገርደን ክርዳድን ምኻን'ዩ ዕጫኻ።

**ብዛዕባ ኣድልዎኻ ንቕሓት ይሃልኻ።** ሰባት፡ ምስ ድሌታትናን ኣተሓሳስባናን ኣብ ዝሰማማዕ ሓበሬታ ዕቱብነት ነኣድል ኢና። ወትሩ እንደለዮ ጥራይ ክንሰምዕ ወይ ክንርኢ ኣይንኽእልን ኢና። እቲ ምስ መረዳእታና ዘይ ንዕለ፡ ሓሶት ምስ ዝኸውን፡ ጌጋ ሓበሬታ ሂቡና ኣሎ ማለት'ዩ። ኣብ ዘይትፈልጦ መርበብ ሓበሬታ፡ "ጸላኢ ዝበሃል የለን በጥ ኢልካ ደቅስ!" ስለ ዝንበበካ ጥራይ በጥ ኢልካ ክትድቅስ ኣይትኽእልን። ብዝተፈላለየ እሙን መንገዲ ጸላኢ ከም ዘየለ ከተረጋግጽ ኣሎካ። ስለዚ፡ ፈታሺ ኣእምሮ ምምዕባል፡ እትደልዮ ጥራይ ሰሚዕካን ርኢኻን ካብ ምእማን ከድሕነካ'ዩ። ንኣብነት፡ እትደልዮ ጥራይ ከም እትሰምዕ ገርካ እንተ ደኣ ኣዳሊኻዮ፡ ዘይትደልዮ ክውን ነገር ምስ ኣጋጥሞ ነውጺ ክፈጥረልካ'ዩ።

**ዝሰማዕካዮ/ዝረኣኻዮ ሸፃ ኢልካ ንኽልኣት ካብ ምክፋል ተሓደብ።** ዝረኸብካዮ ሓበሬታ ቅድሚ ናብ ካልኦት ምዝርጋሕካ፡ ብዝተኻእለ ሓቅነቱ ከተረጋግጽ ፈትን። ከምዚ ኣብ እትጉብረሉ እቲ ሓበሬታ ሓቂ ደዩ ሓሶት ክትፈልጥ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ። ዝጠዝሕ እዋን ሰባት ዝሰምዑዎ ዘበለ ቅድሚ ሓቅነቱ ምርግጋጾም ናብ ኣብ ጎድናም ዘለዉ፡ ክሳዕ ደዋሎም ኣብ ናብ ርሑቕ ዘለዉ፡ "ሰሚዐካ'ዶ ከምዚ ይብሃል ኣሎ!" ክብሉ ይርእዩ እዮም። እቲ ድሒሩ ዝሰምዐ ብወገኑ ናብ ካልእ የሰግሮ፡ በበቐናኑ ዓዲ ብወረ ትዕበሎ'ኸ። ስለዚ፡ ንብዙሓት ብኣሉታ ክጸልዉ ዝኽእል ግጉይ ሓበሬታ፡ ኣዋኻ ዕጸዮ። ሓቂ ምኻኑ እንተ ደኣ ኣረጋገጽካ ከኣ፡ ጽልዋኡ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ዘርግሓዮ። "ከሰዮ" ተቖጺሉ ኢልካ ብሸኢሊ ኣሳቲኻ ዝዘርጋሕካዮ ሓበሬታ ንሎሚ ብዙሓት ሰዓብቲ ክትፈጥረልካ ትኽእል'ያ። ጸባሕ እቲ ተቖፂሉ ዝበልካዮ እንተ ተረጋጊጹ፤




መጸናዕቲታት ከም ዝሕብሩዎ፡ ዝበዝሐ ካብቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝዝርጋሕ ሓበሬታ፡ ሰባት ምሉእ ትሕዝቶኡ ከየንበቡን ሓቅነቱ ከየረጋገጹን እዩ'ዮም ናብ ካልኦት ዝሰዱዎ። ግዳ ሓቂ ዝበዝሐ ካብኣቶም ኣርእስቲ ጥራይ ኣንቢቦም ዳግም ዝዝርግሑ እዮም። "ኩሰየስ ናትና'ዩ" ብምባል፡ ስሞን ኣድራሻን ርኢኻ ጥራይ እንታይ ትሕዝቶ ከም ዘሎዎ ከየረጋገጽካ ካብን ናብን ዝበዝን ሓበሬታ ብዙሕ'ዩ። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዘሎ ኣሰማት፡ ኣድራሻን ስእልን ግን ብብዙሕ ኣብ ንሓድሕዱ ይመሳሰል'ዩ። ብዘይምስትብሃል፡ ዘይትኣምነሉ ወይ ኣንጻር እምነትካ ሓበሬታ ከተመሓላልፍ ስለ እትኽእል፡ ኣስተብህሎ የድሊ።

ሓደ እዋን፡ ሓደ ሰብ ንፈላጡኡ ዘወናውን ሓበሬታ ኣምጺኡሉ'ሞ፡ "ኣንታ ካበይ ኢኻ ኣምጺእካዮ፤" ክብል ተወከሶ ህንጡይነት ሓደሩዎን ሓቂ ክኾውን ተተሰናዮ።

"ኣብዛ ጎደና ኣላ!" በሎ ከይተማትአ። ኣብ ጎደና ብዙሕ'ዩ ዘሎ፣ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ድማ ካብኡ ዝበዝሐ ኣሎ። ዘዘሰማዕካዮ ምእማን ስለ ዘዋጽእ፡ ስምዕ ኣብልካ ንኻልኦት ኣይትንገር'ዩ እቲ መልእኽቲ። እቲ ብከላ ኣጥፋ ደው ኣብሎ ዝበሃል ማዕዳ ድማ'ዩ ዘሎዎም ክኢላታት ናይዚ ዓውዲ።

**ምንጪ ናይቲ ሓበሬታ ኣለሊ።** ቅድሚ ዝኣገረ፡ ነቲ ዘወናውኻ ዘሎ ሓበሬታ ዝዘርግሐ መን ምኻኑ ከተረጋግጽ ፈትን። ከምዚ ኣቐዲምና ዝበልናዮ፡ ዝተፈብረኸ ሓበሬታ ብሞያዊ ኣቀራርባ ጋዜጠኛነት ስለ ዝዳሎ፡ ተኣማኒ እዩ ዝመስል። መን'ዩ ዝበሎ ዘሎ ክትርዳእ ምኽኣል ጥራይ ዘይኮነ፡ ስለምንታይ እዩ ዝበሎ ዘሎ ምፍታሸውን ከድልየካ'ዩ። ኣብ ኢንተርነት፡ ንኣብነት፡ ኣድራሻ ናይቲ ዘርጋሒ ሓበሬታ መርማሪካ ገለ መረዳእታ ክትረኽብ ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ፡ እዚ'ውን እኹል ኣይኮነን። ናይ ሓሶት ኣድራሻ ሂብካ ዝግበር ብዙሕ ስለ ዘሎ፡ ነቲ ሓበሬታ ካብ ወግዓውያን መርበባት ከተረጋግጾ ፈትን፤ ንትተግ'ውን ንዘኾነ ሓበሬታ ምስ ረብሓኣን ኣተሓሳስበረን ስለ ዘቕርባኦ ወትሩ'ዩ ንቕሓት ዝሓትት።

ናይቲ ወጺ. ሓበሬታ መርበብን ናይ ጸሓፊ ናይቲ ሓበሬታን ሓቀኛ መንነት ክትረኽብ ፈትን። መን'ዩ'ቲ ጸሓፊ፤ ሓቀኛ ኣድራሻ፣ ምሉእ ስሙን ስእሉን (ናቱን ናይ ፈለጥቱን)፡ ኣቐዲሙ ዝዝርገሐ ሓበሬታ እንታይ ይመስል፤ ኣቐዲሙ ተኣማንነት ዘጥረየ ደዩ ወይስ ሽዓ ነታ ዝበላ ዘሎ ንኽብል ዝተፈብረኸ ኣድራሻ'ዩ ምልላይ የድሊ። ዝበዝሐ ካብቲ ናይ ሓሶት ሓበሬታ፡ ብሓደሽ ሕሳባት ማሕበራዊ መራኸቢታት'ዩ ዝዝርጋሕ። ሓቂ ከምስሉ ናይ መን ምኻኑ ዘይፍለጥ ሓቀኛ ስእሊ ዝጉዘፉሉ፣ ኣብ ገለኡ፡ ሃገራዊ ከምስል ጥንዴሪ፡ ኣርማ፡ ኣሰእል ሓርበኛታት ሓዙ ይቐርቡ። ፍሉጣት ሰባት - መራሕቲ ከይተረፉ - ሓሶት ክዝርግሑ ይርእዩ እዮም። ኣብዚ ቀረባ መዓልታት፡ ናይ ኢትዮጵያ ዝዓበየ ዝተፈብረኸ ብዓል-ስልጣን፡ ኣቢ ኣሕመድ፡ ምስ ኣመራጻዊ ማርኮ ሩብዮ ዝገበሮ ናይ ተሌፎን ዝርርብ ኢሉ ኣብ ኤክስ ዝዘርገሖ ሓበሬታ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ፡ ካብ መራሒ. ሃገር'የ በሃሊ. ዘይትጸበዮ መሕፈር ትሕዝቶ ነይሩዎ። ስለዚ፡ እቶም ዝበሉ'ውን መንነቶምን ባህርያቶምን ክጸናዕ ኣሎዎ። ኣቢ ከም ሰብ፡ ንኣብነት፡ ዝዓበየ ዘርጋሒ. ናይ ሓሶት ሓበሬታ ምኻኑ ብብዙሕ መንገዲ ተኸሺሑ'ዩ። ብዕላማ ስለ ዝገብሮ ኣይዓጠን'ዩ። ምስ ግዜ ግን ክንቲት ቀዩሩዎ'ሎ።

**ወግዓዊ ሓበሬታ ዝኾኑ ሰባት ኣለልዮም።** ብዙሓት ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዝዝርግሑ ሰባት፡ ሓቂ ከምስሉ፡ ስም እናጠቐሱ ክሰዮ ከምዚ ኢሉ ይብሉ። ኣብ ከምዚ፡ እቶም ዝጥቀሱ ዘለዉ ሰባት መን'ዮም፤ ናይ ብሓቂ ደዮም ወይስ ንሰቶም'ውን ዝተፈብረኹ እዮም ኣረጋግጽ። "እሙናት ምንጮታት ናይቲ ከባቢ"፡ "ተንተንቲ ፖለቲካ"፡ "ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን"፡ . . . እናተባህሉ ዝጥቀሱ ምንጮታት፡ ናይ ብሓቅን ተኣመንትን ደዮም፣ ዓቕሚ ብልጸግና፣ ንኣብነት፣ ብቕሉዕ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ስለ ዝዝርግሑ፣ ምናልባት ንህዝቦም ንግዜኡ ከደናግሩዎ ይኽእሉ ይኾኑ'ምበር ኤርትራውያንሲ ነፊሖምሎም'ዮም፣ ዓለም'ውን ናብ ንቕሓት ገጹ ትኸይድ ኣላ። ሎሚ፡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተዋደደ ዝእመን ምንጪ ሓበሬታ የለን። ካብ ኣቢ ክሳዕ ተራ ሰራዊት ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ናይ ሓሶት ሓበሬታ እዩ ዝዝርግሕ ዘሎ።

ንሓንቲ ሓበሬታ ክንደይ ሰባት ቃሎም ሂቦምላ ኣለዉ. ምርኣይ እውን ሓቅነታ ኣብ ምርግጋጽ ክሕግዝ ይኽእል'ዩ። ዝተፈላለዩ እሙናት ሰባት ዝጠቐሶ ሓበሬታ እንተኾይኑ፡ ክትኣምኖ ዝዓበየ ዕድል ይህልዎ። ዝተፈላለዩ ሰባትን ዝተፈላለየ ኣረኣእያን ዘሎዎ ጽሑፍ፡ ንኽትኣምኖን ክትቅበሎን ዝቐለለ'ዩ። ሓንቲ መረዳእታን ሓደ ሰብ ዝበሎን እንተኾይና ግን፡ ናብ ሓሶት ወይ ናብ ባዕላዊ መረዳእታ በዚሑ ክትቀርብ ስለ እትኽእል ምርግጋጽ የድሊ።

**ነቲ ኣደሃህያ (tone) ኣድህበሉ።** እቲ መልእኽቲ ኣመና ፍጹም ደዩ፣ ብርኢይ ወገን ዝሓዘ ደዩ፣ ካልኦት ማዕሶናት ዜና ክትፈልጦ ዘይደልዮካ ኣጉዳሲ ነገር ከምዝርካ ዝደለዩ ይመስል፤ ብምገዓቲታውን ድራማውን ቋንቋ ዝቐረበ ደዩ፣ ዝበሉ ሕቶታት ንፍናሾካ ሕቶታ ብምባል ይመኽሩ ናይዚ ዓውዲዚ ሞያውያን። እቲ ቃና፡ ምግናን፡ ታህዲድ፡ ዋዕዋዕ፡ ባዕላውነት፡ ስምዒት፡ . . . ምስ እተርእየሉ፡ ጠርጥር።

### ካልኦትካ ብዛዕባዚ ጉዳይዚ እንታይ ይብሉ ኣለዉ፤

ነቲ ዝረኸብካዮ ሓበሬታ፡ ካልኦት ምንጨታት ብምፍታሽ እንታይ ይብሉ ከም ዘለዉ ኣረጋግጽ። ኣብ ብዙሓት እቲ ማእከላዊ ሓበሬታ ሓቂ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ናይ ምእማኑ ደረጃ ይወሰኽ'ዩ። ካልኦት ዘይጠቕሱዎ ወይ በንጻሩ ዝጠቕሱዎ እንተ ደኣ ኮይኑ ግን ጠርጥር። ናይ ዝተፈላለዩ ርእይቶ ኣዋህሊልካ መረዳእታ ክትሕዝ ድማ ዝበለጸ'ዩ።

**ድሕረ-ባይታ ናይቲ ምንጪ ፈትሽ።** ናይ ሓሶት ሕሳባት፡ ወሓዮት ሰዓብቲ፣ ዝሰዕቡዎ ግን ዳርጋ ዘይብሎም፣ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ. ትሕዝቶ በዃብኻ ዝበሉ፣ ተኾሽ-ተኾሽ ኢሎም ዝበቕዑን ዝሰወሩን ደኣ'ምበር ቀወምትን ንዋሕ ዝኸዱ ተለለይትን ኣይኮኑን። ሓንቲ ዛዕባ ምስ እትህሉ፡ ንኣኣ ኣብ መረዳእታ ብዙሓት ንምስራጽ ብልጭ ኢሎም ዝጠፍኡ ዋናን ታሪኽን ዘይብሎም እዮም። ስለዚ፡ እቲ ምንጪ ሓበሬታ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንኽንደይ ጸኒሑ፤ ኣቐዲሙ ክዝርግሖ ዝጸንሐ ሓበሬታን ተኣማንነቱን እንታይ ይመስል፤ መን ብዙሕ. ይሰዕቦ የተባብዕዎ፤ ኣብ ምንታይ የድህብ፤ ብኸመይ ኣገባብ የቕርብ፤ ዝበሉ ሕቶታት ምልዓል፡ ኣብ ተኣማንነት ናይቲ ምንጪ. ዝሕግዝ ድሕረ-ባይታ እዩ።






# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል - ውድድር ፍርቂ ማራቶን ኣካዪዱ

ምምሕዳር ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ትማሊ ቀዳም ናይ 21 ኪሎ ሜተር ውድድር ጉያ ኣካይዱ።

ኣብቲ ካብ ከባቢ ጸጸራት ተበጊሱ ጻዕዳ ክርስትያን በጺሑ ናይ ምምላስ ውድድር፡ 10 ኣትሌታት ናይ ዝተፈላለየ ክለባት ተሳቲፎም። ውድድር ምስ ተጀመረ፡ ኣትሌታት ሓበን ዘርኣይ፡ ሄርሞን ገብረገርግሽን ሳምሶን ገብረመድህንን ኣብ ቅድሚት ናይ በይኖም ጉጅለ ፈጢሮም። ክሳብ ሰለስተ ኪሎሜተር ዝተርፎ ብሓደ ምስ ተጓዕዙ ድማ፡ ሄርሞን ኣብ ኣቡላኖ፡ ቁርጹ ብምኻድ ብ1 ሰዓት 6 ደቒቕን 5 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ። ሓበን ካብ ሳብር ሰለስተ ካልኢት ድሒሩ ካልኣይ፡ ሳምሶን ገብረመድህን ካብ ሓለቡት ብ1 ደቒቕን 47 ካልኢትን ድሒሩ ሳልሳይ ኣትዩ።

መሓሪ ሰለሙንን ማትያስ መንገሻን ካብ ሂማሞል፡ ኣብርሃም ዘርኣይ ካብ ሓለቡት ከኣ ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻድሻይ ዝለ ደረጃ ሒዞም።

ኣትሌት ሄርሞን ድሕሪ ዓወት ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ "ኣብ ዝሓለፈ ተመሳሳሊ ውድድር፡ ብሰንኪ ናይ ጥዕና ጉዳይ ክሳተፍ ኣይከኣልኩን። ናብዚ ናይ ሎሚ ውድድር ግና፡ ተዓዊተ ንጋንታይ ክጸውዓ ምኻነይ ብርእሰ ምትእምማን እየ ኣትየ፡ ከም ቃለይ ድማ ክዕወት በቒዐ።" ኢሉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ናብ ዝቕጽል ግጥም ካልኣይ ዘርያ ንምስጋር፡ ብዓርቢ ተጋጢመን።

ፈለማ ዋልታን ዓራግን ተጻዊተን። ዓራግ፡ ኣብ መበል 17 ደቒቕ ካብ ኣሕመድ ሓጎስ ብዝረኸበታ ሸቶ፡ ንዕረፍቲ መራሒ ወጺኦ። ናይ ካልኣይ እብረ ምጅማር ግዜ ናብ ምዝዛም ገጹ ኣብ ዝምርሓሉ፡ ዋልታ ካብ ሴም መሓሪ


ዕዉታት ኣትለታት ፍርቂ ማራቶን

ሸቶ ረኺባ ኣብ ኢጋ መዛዘሚ ካብ ስዕረት ተናጊፉ፡ 1ብ1 ተፈላልየን። ኣሕመድ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ዋልታ ድማ፡ ንቐዳማይ ዘርያ ብ10 ነጥቢ ብምዝዛም፡ ምሕላፉ ኣውሒሱ።

ሓለቡት፡ ምስታ ዓወት ዝተሓረማ ዒታር ገጢማ። ፈጣን ኣጥቃዓይ ሓለቡት ተኽሊት ሓጎስ ኣብ መበል 13 ደቒቕ ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ወሰንቲ ተጻወትታ ኣዕሪፉ ዝኣተወት ዒታር 'ኣደኻ ከም ዝለኣኸትካ ዘይተሳ ዕዳጋ ከም ዝጸንሓካ' ኮይንዋ፡ ንኽልተ ካብ ቀዳሞት ተሰለፍታ ዳንኤልን ሴምን ከተእትዎም ተገዲዳ። ክሳብ ዕረፍቲ ዝመጸ ለውጢ ኣይነበረን።

ኣብ ካልኣይ እብረ ተወሰኽቲ ሸቶታት ዘገድሳ ዝነበረ ሓለቡት፡ ሰሊጥዋ ካብ በዓል ውዕሎታ ዝኾነ ተኽሊት ኣብ መበል 58 ደቒቕ ሸቶ ደጊሙ። ሓለቡት ኣቐዲሙ ኣብ ዘካየደቶ ግጥማት ንዝተመዝገበ ሸቶታት ንምሕዋይ፡ ሓንቲ ሸቶ ክትወስኽ ዝኸኣላ ጸዊራ። ዝተወሰኻ ግን ናይ ቀይሕ ካርድ'ዩ ነይሩ። ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ንተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒኣ መድሃኒ ሰዩምን መድሕና ኮይኑ ዝወዓለ ተኽሊትን ብቀይሕ ካርድ ስኢናቶም። ወላ'ኳ ሓጎስን ሕርቃንን እንተተፋረቓ፡ 2ብ0 ካብ ምዕዋት ግና ኣይተዓንቀጸትን። ንብሉጽ ተጻዋታይ ዝወሃብ ሽልማት ከኣ ያሬድ ኣብርሃም ንኻልኣይ ግዜኡ ተዓዊቱሉ።

## ካምፓኒ፡ ንሓጺር ግዜ ካብ ምስልጣን ክእለ እዩ

ዓለሚ ባየር ሙኒክ - ቪንሰንት ካምፓኒ፡ ንገለ ሳምንቲ ካብ ምስልጣን ክለቡ ተኣልእዩ ከምዝጸንሕ ተሓቢሩ - ብስራሕቲ ዘጋጠሞ መውደቕቲ።

ካምፓኒ ዓርቢ ልምምድ ካልኣይቲ ጋንታ ሙኒክ እናተዓዘበ እንከሎ፡ ሃንደበት ወናኡ ስሒቱ ክወድቕ ተቐሲቡ፣ ብሄሊኮፕተር ድማ ናብ ሆስፒታል ተወሲዱ።

ሙኒክ፡ ትማሊ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ካምፓኒ ኣብዚ እዋን ከምዝተረጋገጸ



ብምግላጽ፡ ስለምንታይ ሃለዋቱ ከምዝሰሓተ ንምፍላጥ ግና፡ ተወሳኺ መርመራ ክካየድ ምዃኑ ሓቢሩ። ናብ ስራሕ ንኽምለስ ድማ፡ ከምዘይትህወኽ ኣረጋጊጹ።

ወላ'ኳ ምኽንያት መውደቒኡ ብሕጂ ዝንጸር እንተኾነ፡ እዚ በልጂማዊ ናይ ስራሕ ውሉፍ (Workaholic) ከምዝኾነ፡ ዕረፍትን ስራሕን ከምዘይፈላልዮ ግና፡ በልድ ዝተባህለት ጋዜጣ ጀርመን ሓቢራ። እዛ ብቐረባ ንዘይፈልጥዎ ሰባት ከም እተወከሰት እትገልጽ ምንጪ፡ ካምፓኒ ሓጺር ናይ ድቃስ ግዜ ዘይስሩዕ ኣመጋግባን ወሓዱ ምንቅስቓስን ከምዘዘውትርን ብዙሕ ቡን ከምዝሰቲን ሓቢራ።

በዚ ኸኣ ዘይስሩዕ ኣካይዳኡ ዘስዓቦ ድኻም፡ ሃለዋቱ ከጥፍእ ቀሲቡዎ ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጻ።

## "ተጻወትቲ ማን ዩናይትድ ስሱዓት እዮም" ሩኒ

ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ማን ዩናይትድ - ዋይን ሩኒ፡ ንናይ ሕጂ ተጻወትቲ'ዚ ጋንታ 'ስሱዓት' ክብል ነቒፍዎም።

ብመራሕነት ሚካኤል ካሪክ ብተደጋጋሚ ስዕረትን ሕማቕ ቁመናን እትሳቐ ዘላ ማን ዩናይትድ፡ ብሰንኪ ገለ ተጻወትታ ዝሀብዎ ዘለዉ ነቐፌታት ድማ፡ መቐየሪ ክፍላ'ውን ተመኳኺሉ ኣሎ ይበሃል።

ኣብ ታሪኽ እዚ ጋንታ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ምዃኑ ዝገለጸ - ሩኒ፡ "እዚኦም ተጻወትቲ ስሱዓት እዮም። ብዛዕባ ኑቦም ጥራይ እዮም ዝግደሱ፣ ብዛዕባ ኣሰልጣኒን ደገፍቲን ኣይግደሱን እዮም። ፈርናንደዝ፡ ብኮሞ 4ብ1 ኣብ ዝተሳዕርሉ ጸወታ፡ ናብዚ ጋንታ ካብ ዝመጽእ ዝሓመቐ ብቕዓት ኣርእዩ። ኑቲ ነቐፌታን ጸቕጢን ግና፡ ከም ጥሞ ሰለዘይደለዩ፡ ናብ ካልእ ኣጸጊዕዎም። ብሓፈሻ ኩሎም ህጻናት እዮም፡ ልክዕ ከም ቈልዓ ባዕሉ ብምብላዑ ደርቢዩ ንኻልእ ሰብ ዘጸልም እዮም።" ክብል ተሳዒልዎም።

ረቡዕ ምሸት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብታሪኽ፡ ቁጠባን ዓይነታውያን ተጻወትቲን ካብኣ ኣዝዩ ብእትትሕት ክለብ ኮሞ ዝተሳዕረት ማን ዩናይትድ፡ ሎሚ ኣብ ፕሪመር ሊግ ንቦርንማውዝ ክትዕድማ እያ። ኣብዚ ጸወታ እንተተሳዒራ ከኣ፡ ምናልባት ካሪክ ካብ መዝነቱ ክእለ ይኽእል እዩ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

* ፕሪመር ሊግ ሻሙናይ ሰሙን

ሃል ሲቲ - ብሬንትፎርድ 5:00 ድ.ቀ

ሊቨርፑል - ብራይተን 5:00 ድ.ቀ

ማን ዩናይትድ - ቦርንማውዝ 5:00 ድ.ቀ

ክሪስታል ፓላስ - ኒውካስል 5:00 ድ.ቀ

* ላ'ሊጋ 10ይ ሰሙን

ባርሰሎና - ሪያል ማድሪድ 11:00 ድ.ቀ

* ሰሪኣ ሻሙናይ ሰሙን

ኢንተር ሚላን - ፊዮረንቲና 2:30 ድ.ቀ

ለቸ - ጁቨንቱስ 8:00 ድ.ቀ

ኡዲነዘ - ኤሲ ሚላን 10:45 ድ.ቀ

**ሰኑይ**

* ፕሪመር ሊግ

ሳንደርላንድ - ሊድስ 7:30 ድ.ቀ

* ሊግ 1 ፈረንሳ ሻሙናይ ሰሙን

ፒኤስጂ - ሊዮን 10:30 ድ.ቀ

## መሲ፡ ሽልማት 'ፕሪንሰስ ደ ኣስቱርያስ' ዓቲሩ



ድንቂ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ - ሊዮኔል ማሲ፡ ሽልማት 'ፕሪንሰስ ደ ኣስቱርያስ' ዓቲሩ።

እዚ ኣብ ስጳኛ ዝውሃብ ሽልማት፡ ኣብ ሸሞንተ ዓውድታት ኣብ ስነ ጥበብ፡ መራኸቢታትን ሰብኣውነትን፡ ኣህጉራዊ ምትሕግጋዝ፡ ስነጽሑፍ፡ ማሕበራዊ ሳይንስ፡ ስፖርት፡ ቴክኒክን ስነፍልጠታዊ ምርምርን ከምኡ'ውን ኣብ ሰላምን ዕርቅን ጸብለል ንዝበሉ ይዕደል። ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ኣህጉራውያን ሽልማታት ምዃኑ ድማ ይንገር።

ማሲ ከኣ ናይ 2026 ናይ ስፖርት ዕዉት ኮይኑ። እዚ ኣርጀንቲናዊ ንዝርኣዮ ብሉጽ ናይ ስራሕ ጉዕዞን ኣስተዋጽኦን እዩ ነዚ ሽልማት በቒዑ።

ማሲ፡ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ነዚ ሽልማት ንበይኑ ዝተዓወተ'ውን ኮይኑ ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ፡ ስጳኛውያን ተጻወትቲ ኢከር ካሲያስን ዣቪ ሄርናንደዝን ብሓባር ተዓዊቶሙሉ ነይሮም።

ካብ ኩዕሶ እግሪ ወጻኢ ድማ፡ ተጻዋታይ ባይታ ተኒስ ዝነበረ ራፋኤል ናዳል፡ ተቐዳዳማይ መኪና (ፎርሙላ ሓደ) ዝነበረ ሚካኤል ሹማከር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቢረድ ናይ ምሽርታት ተወዳዳሪት ሊንድሰይ ቮን ተዓዊቶም ነይሮም።

## ከምዚ'ውን ኣሎ!



እዚኦም ኣብ ስእሊ እትዕዘብዎም ዘለዉ ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ እዮም። "ዕድመኦም ገምቱ" ምስ እትብሃሉ፡ ናይ ሙብዘሕቲኹም ግምት፡ ኣብ 20ታት ወይ 30ታት፡ ክጽዕኡ ሕልፍ እንተይሉ ከኣ ናብ 40 ዓመት መጺጋዕኩሞም ደ፧

እዚኦም ተጻወትቲ፡ ኣብቲ ፈፋ ዘዳለዎ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ውድድር ኩዕሶ እግሪ ንዛምብያ ወኪሎም ንምስታፍ እዮም፡ ናብ ኣሰናዳኢት እቲ ውድድር ኣዘርባጃን ኣቕኒዖም ዘለዉ። ማለት ትሕቲ 15 ዓመት ምዃኖም እዮም ኣሰልጠንቲ ጋንታ ዛምብያ ገሊጾም ዘለዉ። በዚ ድማ፡ እቲ ወትሩ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝሕመያሉ 'ጉዳይ ዕድመ'፡ ሕጂ'ውን ክትዓት ኣለዓዒሉ ኣሎ።

22 ጥቅምቲ ዝፈለመን 30 ጥቅምቲ ዝዛዘምን ፌስቲቫል ዞጣመረ ዋንጫ ዓለም ትሕቲ 15 ዓመት፡ ንፈለማ ግዜኡ እዩ ተሰሪዑ ዘሎ። ዛምብያ ድማ ነዞም እትርእይዎም ዘለኹም ተጻወትቲ ሒዛ ያ ቀሪባ ዘላ። እዚ ውድድር እንተተዓዊታ ድማ ኣዘራረቢ ከምዝኾነውን ይግመት።

## ማን ሲቲ፡ ኣብ ቪላ ፓርክ ኢዳ ሂባ

ካብ ሸውዓተ ግጥማት ብምሉእ ዓወት ንፕሪመር ሊግ ክትመርሖ ዝጸንሐት ማን ሲቲ፡ ናብ ስታድዩም ቪላ ፓርክ ተጓዒዛ ኣብ ዘካየደቶ ሻሙናይ ጸወታ ግና፡ ቀዳማይ ስዕረት ናይ ሊግ ቀሚሳ።

ኒኮላስ ጃክሰን ኣብ ሻዱሻይቲ ደቒቕ ብጌጋ ተኸላኻሊ ማን ሲቲ ማርክ ጉሂ ንዝተረኽበት ኩዕሶ ናብ ሸቶ ቀይሩ፡ ዓማፂት ጋንታኡ ኣስቲዩን ቪላ መራሒ ዕረፍቲ ወጺኣ።

ኣብ ምልሶት፡ ኤርሊን ሃላንድ፡ ኣብ መበል 52 ደቒቕ ጸወታ ኣመዛራሪይዎ ነይሩ፣ ታሽዐይቲ ናይ ሊግ ሸቶኡ እያ።

እንተኾነ፡ ጸቢቑ ዝወዓለ ሴኔጋላዊ ኣጥቃዓይ ጃክሰን፡ ድሕሪ ሸሞንተ ደቓይቕ ደጊሙ ሻምላ መራሕነት ንጋንታኡ ኣትሒዙዎ፣ ሲቲ፡ ነዛ ሸቶ ዝኸውን ግብረ መልሲ ኣይነበራን፣ ቪላ 2ብ1 ተዓዊታ።

በዚ ከኣ እታ እንኮ ናይ 100 ሚእታዊት ዓወት ሐዚ ክትዓግዝ ዝወርሐት ማን ሲቲ ኣብ ቪላ ፓርክ ኢዳ ሂባ።

ኣብ ምጅማር ብዙሕ ነጥቢ ዝኸሰረት ቪላ፡ ኣብዚ እዋን 11 ነጥቢ ኣኪባ ኣላ። ቪላ፡ ንማን ሲቲ ኣብ ሜዳኣ ዓዲማ ኣብ ተኸታታሊ ኣርባዕተ ግጥማት እያ ትስዕራ ዘላ።

ድሕሪ'ዚ ጸወታ፡ ስዕረት ሲቲ ተዓዚባ ኣብ ሜዳኣ ንኤቨርተን ዝዓደመታ ኣርሰናል፡ ኢዜሪ ኮንሳ ብዘመዝገቦ ሸቶ፡ ቀዳማይ እብረ 1ብ0 መሪሓቶ ወጺኣ። ቀዳመይቲ ሸቶኡ ብምግልያ ኣርሰናል እያ - ኣብዚ ወቕቲ ንዝተጸምበራ ኮንሳ።

መበል 200 ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታኡ ዘካየደ ዝነበረ ጋብሪኤል ማግዛላስ፡ ኣብ መበል 68 ደቒቕ መሪሕነቶም ናብ 2ብ0 ኣደይቦም። በዚ ወጽኢት'ውን ተዓዊታ - ኣርሰናል።

በዚ ድማ፡ ምስ ማን ሲቲ ማዕረ 21 ነጥቢ ኣኪባ፡ ብዕብለልታ ሸቶ ተበሊጻ ካልኣይቲ ኮይና ትስዕብ ኣላ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናጽነት<br>ፋርማሲ ኖቫ<br>ፋርማሲ ፍረ- ኣውሎዕ | 25/10/2026 | ጎደና 176-3 ቁ.8፡ ከባቢ ሚ/ሪ ትምህርቲ<br>ጎደና ዓደቦት ቁ.ገዛ 214 ከባቢ ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ<br>ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 122035<br>07120574<br>163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565